ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ

الائتلاف الوطني الديمقراطي الإرتري

**Eritrean National Democratic Coalition**

## ደምዳሚ መግለጺ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ
## ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ

*ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ*
*ክቡር ሓፋሽ ኤርትራውን ተቓላስቲ መንእሰያትን*

*ብሰንኪ ኣዕናዊ ምሕደራ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓትን ጨቋኒ መሓውራቱን፣ ኩነታት ኤርትራ ካብ ሕማቕ ናብ ዝበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፣ ከምኡ'ውን እዚ ገባቲ ስርዓት'ዚ ኣብ ቡኽራን ሃገራዊ ትካላት ንህዝቢ ኣዋሲኑ ወግሐ ጸብሐ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከባርያ ዝጸንሐ ከንቱ ውግኣትን፣ ኩነታት ሃገርና ኣብ ፈታኒ መድረኽ ብምብጻሕ፣ ሃገራዊ ሉዓላውነትና ኣብ ዓብዪ ሓደጋታት ስለ ዝወደቐ፣ ኤርትራ ትሃሉ ወይ ኣይተሃሉ ዝብል ግድል ኣብ ቅድመና ተገቲሩ ስለ ዝርከብ፣ ሓይልታትና ብሓባር ክንጥርንፍ ናይ ግድን ይኸውን። ካብዚ ዕግበት'ዚ ብምብጋስ፣ እቲ ናይ መስከረም ኣዋጅ ነቲ ናይ ሓባር ሓይልና ንምድልዳል ከም ምዕቡል ሃገራዊ ስጉምቲ ምኳኑ ስለ ንኣምን ክንወስዶ በቒዕና። ሓባራዊ ቃልሲ ዘበሰረ ኣዋጅ መስከረም ነቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ካብቲ ዘለዎ ንላዕሊ ንምድንፋዕ ተባሂሉ ዝተወስደ ሃገራዊ ስጉምቲ ኢዩ። ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባትና ምሉእ ሓድነት ክሳዕ ዝብጻሕ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ኤሃዲል) ከም ዝምስረት ተገብረ። እዚ ሃገራዊ ስጉምቲ እዚ ንኣባላት ውድባትናን ነቶም ንኤርትን ህዝባን ካብ ኣርዑት ምሕደራ ውልቀ-ምልካዊ ጃንዳ ንምድሓንን፣ ፍትሕን ደሞክራሲያውን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምምስራት ዚቃለሱ ዘለዉ ሓፋሽ ህዝብናን ናይ ቃልሲ ፍናኖም ክብ ከም ዘብል እምነትና ዓቢ ኢዩ።*

*ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ እዘን ሰለስተ ውድባት እተኸተመ ስምምዕ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤሃዲል፡ ካብ ዕለት 13 ክሳዕ 24 መስከረም 2021 ቀደማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብምክያድ፡ ብመሰረት ዝተበጽሐ ውዑል፣ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ንምትግባርን፣ ዘድሊ ውሽጣዊ መምሪሓታትን፣ መርሓ መንገድን ኣመልኪቱ ናይ ስራሕ ትልምታት ሓንጺጹ። ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነት ኣብ መንግኡ ናይ ስራሕ ምምቕቓል ብምክያድ፣ ኣቦ መንበርን ክልተ ተሓጋገዝቱን፣ ጻሓፍን፣ ዕላዊ ኣፈኛ ልፍንትን፣ ሓለፍቲ ማእከላይ ሽማግለታትን መሪጹ። ከምኡ'ውን ምስ ልፍንትና ኺዓዩ ዚደልዩ ካልኦት ሃገራውያን ሓይልታት ንዚግበር ዘርርብ ተካይድ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ሽማግለ ዘተ ኣቚሙ።*

*ንግደ መሰረታትናን ሓፋሽ ህዝብናን ብምንኣድ፣ መስርሕ ሓድነት ኣብ ምዕዛዝን ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንንቲ ኣብ ምቛምን ወሳኒ ተራ ከም ዝነበሮም ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ኣስሚሩሉ። ሕጂ"ውን እንተኾነ፣ መሰረታትናን ተቓላሳይ ሓፋሽ ህዝብናን፣ ነቲ ተወጢኑ ዘሎ መርሓ መንገዲ ኣብ ምትግባር ሃገራዊ ኣበርክቶኦም ብዝያዳ ከሐይሉን፣ ምሉእ ሓድነት ንኽረጋገጽ ድማ ኣስተዋጽእኦም ክብ ምስ ዘብሉ፣ ኩሎም ሃገራውያን በዚ ሃገራዊ ዕዮ'ዚ ተመሲጦም ኣካሉ ንክኾኑ ኣወንታዊ ጽልዋ ክህልዎ እዩ።*

*ንሓፈሻዊ ኤርትራዊ ኩነታት ኣመልኪቱ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት፣ ኣብ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼብኡ ነቲ ብኹሎም ሓይልታት ሃገራዊ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ፣ በቲ ስፊሕ ሓድነታዊ ጽላል ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን፣ ከምኡ'ውን ብኹለን በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ብሃገራዊ ምንቅስቓስ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሰብ ሞያን ከምኡ'ውን ምሁራትን ዝካየድ ዘሎ ም/ዑት ቃልሲ ብምንኣድ፣ ኩሎም ሃገራውያን መሳርዕ ቃልሶም ኣወሃሂዶም፣ ዓቕምታቶም ብሓባር ጠርኒፎም ህልዊ ስርዓት ብምእላይ፣ እነማዕድዎ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዘኽእል ቅደመ ተደላይነታት ንምፍጣር ከጽዕሩ ኣኼባ ላዕላዋይ መሪሕነት ጸዊዑ።*

*ኣብ ናይ ወጻኢ መዳይ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢና ዘሎ ሃዋህ ብምርኣይ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤሃዲል ንኣህዛብን መንግስትታትን ጐረባብቲ ሃገራት ናይ ዘተን ሰላምን ቋንቋ ብምዝውታር፣ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ይኹን ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ንዘሎ ፍልልያት ንምፍታሕ ጻዕሪ ኽገብሩ ጻውዒት ኣቕሪቡ። ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፡ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ነቲ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ ጣልቃ ብምእታዉ፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ኣብ ጐረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ዝተባረዐ ውሽጣዊ ግጭት ንምዕማቑ ግሁድ ጣልቃ ብምእታዉ ኣትሪሩ ይኹንኖ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ንኹሎም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትን ሃገራውያን ወትሃደራዊ ኣዘዝትን፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ብዘሎ ናይ ሕነ ምፍዳይን ደማውን ዝንባለ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ዝወሃብ ትእዛዝ ከይፍጽሙ ሃገራዊ ጸውዒቱ የቕርበሎም።*

ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ الائتلاف الوطني الديمقراطي الإرتري

# Eritrean National Democratic Coalition

ማሕበረሰብ ዓለምን፡ ኣህጉራውን ዞባኣውን ውድባትን፣ ሕጋውን ስነ-ምግባራውን ሰብኣውን ሓላፍነቶም ክስከሙ ላዕለዋይ መሪሕነት ኤሃዲል ይምሕጸን። ብሰንኪ ውጽኢት ናይቲ ኣዕናዊ ውግእ ኢትዮጵያ ኣብ ኣዚዩ ኣሰካፊ ሃለዋት ዝረከቡ ሰላማውያን ሰባት ብሓፈሻ፣ ነቶም ኣብ ሃገሮም ፍትሒ ተሓሪምዎም ናብ ስደት ዘምረሑ፣ ሕጂ ኸኣ ብሰንኪ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ውግእ መሪር ህይወት ዘሕልፉ ዘለዉ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ብምሉኡ ኮነ ኣብ ክልል ትግራይ፣ ተዓቑቦም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብፍላይ፣ ብጉዳይ ስደተኛታት ዝግደሱ ኣህጉራውያን ትካላት ሰላም ንክረኽቡ ሕጋውን ሰብኣውን ግዴታታት ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ሱዳንን የመንን ጂቡቲን ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሳቐዩ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት'ውን ግቡእ ቆላሕታ ክገብረሎምን፣ ንጉዳዮም ፍታሕ ንምርካብ ክጽዕርን ኤሃዲል ጻውዒቱ የቕርብ። ኣብ ልዕሊ ስርዓታት ኤርትን ኢትዮጵያን ጸቕጢ ብምግባር ብመሰረት ኣህጉራዊ ብይን፣ ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ብቕጽበት ክሕንጸጽን፣ ከምኡ'ውን ንሉዓላውነትን ጸጥታን ኤርትራ ከቢድ ምጥሓስ ዝኾነ፣ ወትሃደራዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ ወይ ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሓይልታት ካብ መሬት ኤርትራ ንኽወጹ ማሕበረሰብ ዓለምን ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላትን ግደኦም ክጻወቱ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኣትሪሩ ይጽውዕ። ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ጎነጽ ብዝምልከት ሰላምትን ርግኣትን ንብምሉኡ ዞናና ዝኸልእ ብምዃኑ፣ ኩሎም ተገራጨውቲ ወገናት ፍልልያቶምን ጸገማቶምን ኣብ መኣዲ ዘተ ኮፍ ኢሎም ብሰላማዊ ኣገባብ ክፈትሕዎ ጸዊዑ።

ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕላዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤሃዲል ንኣሓትና ኣህዛብን መንግስታትን፣ ን30 ዓመት ምቕጻል ዘይሕጋዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣፍወርቂን ኣብ ኤርትራ ቅዋማዊ መንግስቲ ዘይምህላውን፣ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ንጸጥታን ርግኣትን ዞባና ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ዜህድእን ምኽንያት ምዃኑ ዓጊቦም፣ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፣ ንህዝቢ ኤርትራን ንሃገራዊ ተቓውሞ ሓይልታቱን ደገፎም ከበርክቱ ጸዊዑ። ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ምስ ዝረጋገጽ፣ ኣብ መንጎ ህዝብናን ኣህዛብ ጐረባብቲ ሃገራትን ድልዱል ዝምድና ከም ዝህሉን፣ ሓባራዊ ረብሓታት ኣህዝብና ንምምላእን ኣብ ዞባናን ዓለምን ጸጥታን ሰላምን ርግኣትን ብምርግጋጽ ኣብ መንጎ ሃገራትና ምትሕብባርን ምምልላእን ንምህናጽ ዘተኣማምን መሰረት ዘንብር ምዃኑ እምነትና ጽኑዕ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤሃዲል ንኹሉ መሰረታትናን ሓፋሽ ህዝብናን ብምምስጋን፣ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ጸኒዖም ኪቕጽልዎን፣ ኣብቲ ውዒሉ ሓዲሩ ናብ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዚመርሓና መሰረታዊ ጉዳያት ከተኰሩን፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ክፈላልዮም ዝኽእል ጎድናዊ ጉዳያት ክርሕቁን ይምሕጸኖም። ስርዓት ህግደፍ ብምሉእ ሓይልን ዓቢ ትሕዝቶን፣ ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ኣካውና ሕብረተሰብና ግጭት ብምስዋር፣ ባህላውን ቋንቋውን ሃይማኖታውን ብዙሕነት ሕብረተሰብ ኤርትራ መዝሚዙ ሕድሕዳዊ ምትእምማን ሕብረተሰብና ንምድኻም ተዋፊሩሉ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑ ክስተባህልሉ ኣዘኻኺሩ።

ዕድመ ንቓልሲ ህዝብና ምእንቲ ሓርነትን ዲሞክራስን!!
ዓወት ንቃልሲ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ!!
ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ነጻ ይኹኑ !!
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን ዝተበጀዉ ስዉኣትና!!

ላዕላዋይ ሓባራዊ መሪሕነት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ
25 መስከረም 2021